# ብጸወታ ምምዕባል

Gemeente Hardenberg



ከም ወላዲ መጠን ንእሸቶ ውላድካ ክሳብ ክንደይ ቀልጢፋ ይምዕብል ከምዘሎ ትዕዘብ ኢኻ። ንኣሸቱ ሕጻናት መዓልታዊ ኣብ ከባቢኦም ንዝርከብ ዓለም ዳህሲሶም ይፈልጡ። ቀጺሊ ድማ ሓደስቲ ነገራት ይመሃሩ። እዚ ዝኸውን ኣብ ገዛ ኣብ ዝጻወትሉ እዋን። ናብ ናይ ሕጻናት ሕርሻ ኣብ ዝበጽሕሉ እዋን። ወይ ድማ ዓው ኢልካ ኣብ እተንብበሎም እዋን እዩ።

ንዓለም ዳህሲሶም ብምፍላጥ ቆልዑት ዝያዳ ይምዕብሉ። ማእከል መውዓሊ ሕጻናት ኣብቲ ምዕባለ ይሕግዝ እዩ። ብኸምዚ ድማ ውላድካ ንመባእታዊ ቤት-ትምህርቲ ብግቡእ ከተዳልዎ ትኽእል።

ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመት ዕድሚኦም ብግቡእ ዝማዕበሉ ሕጻናት፣ ኣብ መባእታዊ ቤት-ትምህርቲ ጽቡቕ ጅማሮ ኣለዎም።

## ቅድመ-ትምህርቲ ዘለዎ

ማእከል መውዓሊ ሕጻናት ማእከል መውዓሊ ሕጻናት ንምዕባለ ውላድካ ይሕግዝ እዩ። እቶም ናይ ስነ-ምምሃር ሰራሕተኛታት ብግቡእ ዝተማህሩ እዮም።  ብኸመይ ንሕጻናት ብዝበለጸ ክመርሕዎም ከም ዝኽእሉ ድማ ይፈልጡ እዮም። ውላድካ ቀጻሊ ብጸወታ ዝያዳ ይመሃር።

እቶም ሰራሕተኛታት፣ ብመንገዲ ጸወታታት፣ ምንቅስቓስ ኣካልን ንጥፈታትን – ፍሩታታት ምብላዕ፣ ደርፍታት ምዝማርን ዓው ኢልካ ምንባብን ብዝኣመሰሉ – ንምዕባለ ውላድካ የነቓቕሑ። ዝኾነ ፍሉይ ነገር እንተሃልዩ ድማ ብርግጽ ብዛዕብኡ ምስ ወለዲ ይዛተይሉ።

## እግሪ-ተኸሊ ውላድካ ናበይ ክኸይድ ይኽእል?

ኣብ ምምሕዳር ከተማ ሃርደንበርኽ ንእግሪ-ተኸሊ ሕጻናት ኣገልግሎት ዝህቡ ሓያሎ ማእከላት መውዓሊ ሕጻናት ኣለዉ። ነዞም ማእከላት መውዓሊ ሕጻናት፣ ኣብዚ መርበብ-ሓበሬታ ናይቲ ምምሕዳር ከተማ ክትረኽቦም ትኽእል ኢኻ፡ www.hardenberg.nl/peuteropvang።

ዝያዳ ክትፈልጥ ትደልይ ዲኻ? ንኣብነት ብዛዕባ ወጻኢታት ወይ ናይ ስራሕ ሰዓታት? ስለዚ ምስቲ ማእከል መውዓሊ ሕጻናት ርክብ ግበር።

## ምዝገባ

ንውላድካ ኣብ ግዚኡ ኣመዝግቦ። እዚ 2 ዓመት ቅድሚ ምምልኡ እንተኾነ ተመራጺ እዩ። ብኸምዚ ድማ ውላድካ ካብ 2 ዓመት ዕድሚኡ ጀሚሩ ኣብ ማእከል መውዓሊ ሕጻናት ክጅምር ይኽእል። ኣብቲ ዝመረጽካዮ ማእከል መውዓሊ ሕጻናት ብቐጥታ ምምዝጋብ ይከኣል እዩ።

## ድጎማ ምምሕዳር ከተማ ሃርደንበርኽ

እግሪ-ተኸሊ ውላድካ እውን ካብ 2 ዓመት ዕድሚኡ ጀሚሩ ናብ ማእከል መውዓሊ ሕጻናት ክኸይድ ይኽእል እዩ። ናይ መውዓሊ ሕጻናት ኣበል ክትረክብ መሰል ዘይብልካን ዘይትሰርሕን እንተድኣ ኮይንካ ድማ ድጎማ ኣሎ። እቲ ማእከል መውዓሊ ሕጻናት ብዛዕባ እዚ ዝያዳ ክነግረካ ይኽእል እዩ።

## እትሰርሕ ወላዲ ዲኻ?

ስለዚ ንወጻኢታት ማእከል መውዓሊ ሕጻናት ንምሽፋን ዝኸውን ናይ መውዓሊ ሕጻናት ኣበል ንምርካብ፣ ናብ በዓል-መዚ ግብሪ ከተመልክት ትኽእል ኢኻ። ኣብ መርበብ-ሓበሬታ ናይ በዓል-መዚ ግብሪ ዝያዳ ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። እቲ ማእከል መውዓሊ ሕጻናት እውን ብዛዕባ እዚ ዝያዳ ክነግረካ ይኽእል እዩ።



**ብጸወታ ምምዕባል፣ ምጽዋትን ዳህሲስካ ምፍላጥን!**

## ሕቶታት

ብዛዕባ ናይ ውላድካ መውዓሊ ሕጻናት ሕቶታት ኣለካ ድዩ? ስለዚ ምስቲ ዝመረጽካዮ ማእከል መውዓሊ ሕጻናት ርክብ ግበር። ነቲ ናይ ርክብ ሓበሬታታት፣ ኣብ መርበብ-ሓበሬታ ናይቲ ምምሕዳር ከተማ ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ፡ www.hardenberg.nl/peuteropvang